# ቀለቤት ፍቕሪ ሃገር

ብፍቕሪ ዘይነብር ህዝቢ ሃብቲ ይሃልዎ ርስቲ ቀሲኑ ክነብር ማለት ዘበት'ዩ። ፍቕሪ ንኹሉ ሂወት ወዲ ሰብ ቀንዲ ወሳኒት እያ። ፍቕሪ ኣደ ሰላም እያ። ፍቕሪ ንውሕስነት መነባብሮ ደቂ ሰባት ኣዝያ ኣገደሲት እያ። ሃብቲ ሃልዮካ ፍቕር ምስ ትስእን ኣብ ሂወትካ ይኹን ሂወት ስድራቤትካ ሰላም ክነግስ ኣይክእል። ፍቕሪ ምስ ዘይህሉ ሓድነት ክህሉ ኣይክእልን። ፍቕርን ሓድነትን ዘይብሉ ህዝቢ ብሰላም ክነብር'ዩ ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ። ፍቕሪ እንተዘይብልካ ኩሉ ግዜ ናይ ዝተፈላለየ ኣሉታዊ ሳዕበናት ግዳይ ኮንካ ትነብር።

ፍቕሪ መሰረት ናይ ኩሉ ዓወት'ያ። ፍቕሪ ሕብረተ ሰባት ብሃንደበት ከም ፍቕሪ ሓንቲ ጓልን ወድን ዝግለጽ ኣይኮነን። ፍቕሪ ክልተ ሰባት ክፈርስ ይኽእል እዩ። እቲ ክፋቐሩ ዝገበሮም ነገር ምስ ዝጠፍእ ፍቕሮም ነበረ ኮይኑ እተርፍ። ፍቕሪ ሃገራት'ውን ኮምኡ። ሎሚ ብዘራኽበን ረብሓታት ተኣሳሲረን ክሰርሓ ይጸንሓ፣ ጽባሕ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝነበረን ሰናይ ፍቕሪ ተገልቢጡ ናብ ሕማቕ ጉርብትና ይቕየር። ክሳብ ነንሕድሕደን ኣብ ኲናት'ውን ይበጽሓ።

ንብነት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሕሪ ስርዓት መንግስቱ ምዳቑ ዝነበረ ዝምድና ክንርኢ ንኽእል። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ሞንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ዝነበረ ሰናይ ጉርብትና፣ ንቑርኒ ኣፍሪቓ ዓቢ ተስፋ ዝሃበን ኣዎንታዊ ስጉምቲ ዝጀመረን ኔይሩ፣ ክሳብ ቀናእ ጭፍራ ወያነ ብሰበብ ዶብ ኣምሲሉ ነቲ ኲናት ዝውልዖ።

ምፍቕቓር ህዝቢ ኤርትራ ግን ብከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ኣይኮነን ተመስሪቱ። ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ንኹሉ ሕብረተ ሰባትን ሃይማኖታትን ዘጣመረ ካብ ውሉድ ንዎሎዶ ክተሓላለፍ ዝንሔን ዘሎን ዝቕጽልን ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ህዝቢ ኤርትራ ፍቕሪ ሃብትን ንብረትን ኣይኮነን። ፍቕሪ ቀልዓለምን ፍቕሪ ይርኣዩለይ'ውን ኣይኮነን። ፍቕሪ ሃገር ኣብ ዓሙቕ ባህልን እምነትን ዝተመስረተ፣ ትሕትናን ዓቕልን ዘማእዘኖ፣ ንኻልኦት ኣህዛብ ጽቡቕ ኣብነት ዝህብ ፍቕሪ'ዩ። ምናልባት ገለ ስሱዓት ነዚ ክብሪ እዚ ክጥሕሱዎን ምስ ባዕዳውያን ኮይኖም ክግህስዎ ክፍትኑ ከለዉ ክንርእን ክንሰምዕን ከሎና ዝስማዓና ጓሂ ንኹልና ርዱእ እዩ። ኩሉ ጊዜ ኣብ ሕብረተ ሰብ ሸያጥ መንነቱ ስለ ዘይሰኣን ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ነጻነትን ህንጸት ሃገርን፣ ከምዚኦም ዘኣመሰሉ ጉሩዛት ምህላዎም ኣየገርምን።

እንተኾነ ግን እቲ ነውራም ተግባራቶም ብናይ ባዕሎም መደብ ዘይተበገሰ፡ ከበግስም ዝኽእል ምኽንያት'ውን ስለ ዘይብሎም፣ ብኣሜሪካ ዝተጠጀኤ፡ ብወያኔ ዝተለወሰ ብሃሱሳት ዝተኻሰሰ ሕሱር ኣጀንዳ ተኾልኲልካ፣ ንግሩሃት መንእሰያትን፣ ህጻናትን ቕድመ ግንባር ኣሰሊፍካ፡ ጸረ እቲ ዘዕበየካን ዘምሃረካን፣ ብዓቢኡ ከኣ መስዋእቲ ከፊሉ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዘውጸኣካ ህዝቢ ደው ምባል፣ ዋላውን በቶም ዓሰብት'ኻ ዘንዕቐካን ዘፈንፍነካን ምቋኑ ዘይምፍላጥ እዩ።

ብሓቂ ኣብ ሃገርና ኤርትራ <u>በተኽ</u> ዝኾነ ስእነት የለን። ሙሉ እዩ ክንብል'ውን ኣይንኽእልን። ሕጽረታት ኣሎ። ካብኡ ንፍንጋፍ ከኣ'ዩ መንግስቲ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ወጻኢታት ኣውጺኡ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ዘሎ። ሰራዊት ምክልኻልና ብወይጦታትን መወልቶምን ባርያ (slave) እናተባህሉ ንኽብሩን ክብሪ ሃገሩን ከየድፈረ ሃገር ዘልምዑን ዝሃንጽን ዘሎ። ኣብ ክንዲ ኣብ ዝኸድካ ኬድካ ኣምባሳደር ሃገር ምዃን፣ ኣብ ጫማ ጸላእቲ ተኾድጭካ ባንደራ ወያነ እናምበልበልካ መንግስቲ መሰለይ ገፊፉኒ ምባል፣ ካብ ውርደትን ሓሳርን ንላዕሊ ትሽምቶ ረብሓ የለን። እቶም ሎሚ ኣብ ሕቕፎም ጌሮም ጸረ ኣዴኻን ኣቦኻን፣ ሃገርካን ደው ከምትብል ገሮምኻ ዘለዉ፣ ጽባሕ በቲ ብገንዘብ ትኗቦ ዝገዝእዎ ኣስካርባ ጌይሮም ከም ኩዕሶ ክቐልዑኻ ምኳኖም ኣብ ግምት ኣእቲኻዮ ጽናሕ።

ገለ ኤርትራውያን ብዛዕባ በጺሖሞ ዘለዉ ደረጃ ትምህርቲ ክዛረቡ ክትሰምዕ ከለኻ ብጣዕሚ ደስ የብል የኹርዕ ከኣ። ቁዱስ ቅንኢ የሕድረልካ፡፡ ኣብ ተግባራቶም ምስ እትምልከት ግን፣ እንትርፎ ጃህራ ቁምነገር ዘይብሎም ኮይኖም ትረኽቦም። ጽምኣት ስልጣን ዝወረሶም፣ ብነገራዊ ስስዔ ዝተላዕጠጡ፣ ኤረ ገለስ ንኤርትራ ክሳብ መንግስቱ ሃዲሙ ንዝምባብወ ዝኸይድ ዘይፈልጡዋን ኣብ ጉዕዞ ገድሊ ምስ ደርጊ ኢድን ጓንትን ዝነበሩ፣ ሕጂ ከኣ ካብ ኢትዮፕጵ ምንጻል ጌጋ'ዩ ዝብሉ፣ <u>ንወዲ ስዉእ ንሓንቲ ለይቲ ከብዱ ዘይዓንገሉ፡ ሃገር ክትውረር ከላ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዳግመ መግዛኣቲ ክጽመድ ተደቢሮም ዝተማህለሉ፣ ሕጂ ከኣ ምስዞም ንሙሉእ ህዝብን መንግስትን ሃገርን ኤርትራ ብሰብኣዊ መሰል ዝኸሱ ዘለዉ ናይ መንግስቲ ኣሜርካ መጋበርያ ዝኾነ ጉጅለ ሰብኣዊ መሰል ባሃላይ ደው ኢሎም ክትርኢ ከሎኻ ብኻ ክይተፈለጥኩም ተሪፍኩም ከይትኾኑ ትብል።</u>

ንሳቶም ትምህርቲ ብሓደ መልክዑ ስለ ዝፈልጡዎ እዮም ንነብሶም ጥራሕ ምሁራት ጌሮም ዝወስዱዋ። ተጋዳላይ ብሰማይን ብመሬትን ሓዊ እናተኻዕዎ'ዩ ተማሂሩ ኣርዑት መግዛኣቲ ዝደርዓመ። ብስልታዊ ኲናትን፣ ብፖሎቲካዊ ንቕሃትን፣ ተመልሚሉ ህዝቢ ኣንቂሑ ኣብ ጎድኒ ቃልሱ ከምዘሰለፈ፣ ውጉኣትን ሕሙማትን ኣብቲ ጭው ዝበለ በረኻታት ኤርትራ ብዘይ ሓደ መሳርሒ ሂወት ብዙሓት ዘድሓነ፣ ነቲ ካብ ዝተፈላለየ ዝምባለን

 **ታባ ጽንዓት** 

ሃይማኖትን ዝነበሮ ብሄራት ዝተሰለፈ ህዝቢ ኣዋሃሂዱ መሪሑ ኣብ ዓወት ዘብጽሐ ካድርን መሪሕነትን ንላዕሊ ዝተማህረ ኣሎ ድዩ። እዚ ከብል ከሎኹ ነቶም ውሑዳት ተምበርከኽቲ ኣብ ኣንነት ዝኣምኑ ዳኣምበር፣ ነቶም ሙሉእ ፍልጠቶም ክእለቶም ገንዘቦምን ኣብ ረብሓ ሃገርን ሃገራውያንን ዘውዕሉ ዘለዉ ማለተይ ኣይኮነን።

ሎሚ ሳላቶም ንሕበነሎም ምሁራት ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብዓቢኡ ከኣ ብጾትና ተመሪሕናን ተወሃሂድናን፣ ከምቲ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ዘይስዓር ዝመስል ዝነበረ ስርዓት ደርጊ ኣላሽ ዘበሎ፣ ሕጂ ከኣ ነዚ መልክዑ እናቐያየረ ዝግጥመና ዘሎ ተጻብኦታት በብዝመጾን ከከም ሕብሩን መልክዑን ኣላሽ ከምነብሎ ዘማትእ ነገር የሎን። ኣብ ጊዜ ገድሊ እኳ ወዶ ገባ ዝበሃል ነገር ኔይሩ'ዩ። ሕጂ ከኣ ፈትዩ ዝምብርከኽ ምህላዉ ክገርመና ኣይግባእን። ከምቲ ኩልና ንከታተሎ ዘሎና፣ ቁጽሪ ደገፍትና ዝኾና ሃገራት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ፤ ብኡ መጠን ከኣ ዓወትና እናላዓለን ሓቅነትና እናጎልሀ ይኸይድ ኣሎ።ግን ተጻብኦታት ክሳብ ዘፍ ኢሎም ዝርዕሙ ከምዝቕጽሉ ክንህመል የብልናን።

ኣይንገራህ፣ ስሚዒታውያን ኣይንኹን። ኣሎዉ ብቱኳቦ ንጥፍኣት ሃገርን ህዝብን ዝተዓሰቡ። ብዝምድና፣ ብሃይማኖት፣ ብዓዲ፣ ብወገን፣ ብኣውራጃን፣ ብብሕታዊ ጥቕምታት ዝተኣሳሰሩ፡ ብዝተኻእለ መጠን መጣፍእቲ ዝኾኑዎም ሃሰስ ካብ ምባል ዓዲ ዘይዋዓሉ እሞ ከየገርሁና፡፡ ብኻልእ ወገን ከኣ ኣብ ኣረጊት ዘበኑ ዝሓለፎ ፖሎቲካዊ ዓዘቕቲ ዝጠሓሉን ኔረ ድኣምበር ኣሎኹ ምባል ዝጠፍኦም፣ ብዛዕባ ኤርትራ ዝዝሙሩ፣ ንኸይትህሉ ግን ክፍኣት ክመኽሩ ዝውዕሉን ዝሓድሩን፡ ከምቲ "ሩሑቕ ዓዲ መሓሰዊ ዝበሃል" ኣብ ዘይወዓልዎ ውዕሎ ጀጋኑ ኔረ ዝብሉ፡ " መጥሓን እንተዘይተወቕረት ነይትጥሕን" እዚኦም ከኣ ምውቃር ዘድልዮም እዮም። በዚኦም'ውን ከይትድህለሉ።

ኣብ ዝኾነ ሃገር ተቓውሞ ክህሉ ንቡር እንድዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ተቓውሞ ብጭቡጥ መርትዖ ዝተሰነ ክኸውን ይግባእ። (1) ከምዚ ናይ ሸይላ ካብ ሻርዕ (ጎደና) 500 መንነቶም ከየረጋገጽካ እዚኦም ምስክር ኣለውኒ ምባል ሰብኣዊ ሕልና ዘይድግፎ፡ ሓሶት ብኣእምሮ ዘለዎ ፍጡር ዘይቅቡል፣ ኣብ ቅርሕንቲ ዝተሞርኮሰ ክኸውን ኣይግባእን። ንሓሶት ዝቕበል ሓሳዊ ጥራሕ እዩ። (2) ንስለ ተቓውሞ ዘይኮነ ኣብዘለኻ ሃሊኻ ሃገር እናሃነጽካ፣ ጉቡኣትካ እናኣማላእካ፣ ሃገር ከይትድፈር እናተኻላኸልካ፣ ሃገር እትጽውዖ ጻዊዒት መልሲ እናሃብካ፣ ንኹሉ ሽግር ይኹን ራህዋ ቦቦታኡ እናትሓዝካ፣ ንጓናዊ ምትእትታው እናወገድካ፣ ሽግራትካ ናይ ምፍታሕ ብቕዓት ከምዘለካ እናኣመስከርካ ድኣምበር፡ ኣብ ትሕቲ እቶም ትማሊ

 **እታ ኣደ**  **ተወፋይነት**

ንጥፍኣትና ዘተዓጥቁ ከም መዕቀቢ ጌርካ ጽምኢ ህርፋኖም ከተርዊ ምፍታን ኤርትራውነት ኣይኮነን።

ኤትራዊ መንእሰይ መጋበርያ ናይ ዝጠፈሹ ክይትኽውን ተጠንቀቕ። ሎሚ ዝስነድ ረሳሕ ታሪኽ፣ ጽባሕ ንምድምሳሱ ቀሊል ኣይክኸውንን እዩ። ብናትካ ትዕዝብትን ተሞኩሮን ኣፍልጦን ጥራህ ተጓዓዝ። <u>ኣባጊዕ መሲሎም ንዝመጹኻ ቶኺሉ</u> <u>ብግርህነት ልብኻ ኣይትሃብ።</u> ተግባራቶም ብመዓር ዝተሸፈነ ዕረ ምዃኑ ኣስተውዕል። ብሃገር ጸወታ የሎን። እቶም

ነጻነት ዘምጹኡ ንስለ <u>ራህዋኻን ቅሳነትካን</u> ዳኣምበር ንስለ ነብሶም ኣይኮነን። ቁጠባዊ ጠንቂ ንዘበገሶ ጉዕዞ ስደትካ፣ ዕሱባት ሰብኣዊ መሰሉ'ዪ ተገፊፉ ኢሎም ኣብ ክንዳኻ ሕያዎት መሲሊም እንተተዳናገጹ ንዓኻ ዝሓለዩልካ ከይመስለካ። <u>ናብርኦም ሓሶት ሓቂ ኣምሲልካ ደሞዝካ ምእታው ምዃኑ ክትፈልጥ ይግባኣካ</u>። ኣስፈሕካ ጠምት፣ ፈተውትኻን ጸላእትኻን ኣለሊ። እቶም ትማሊ ሓይሊ ኣሜሪካ ከም ምርኩስ ጌሮም ሃገርና ዝወረሩ፣ ህዝብና ዘባረሩ፣ መቓብር ሰማእታትና ዝፈሓሩ፣ ከብትና ዝዘመቱ፣ ቆልዓ ሰበይቲ ብነፈርቲ ዝደብደቡ፣ ሸፋቱ ወያኔ መጸግዒ ኣይኮኑኻን እዮም። ኣሕዋትካ ኣብ መደበር ስደተኛታት ኣብ ትግራይ መሰሎም ተገፊፉ ግደ ስቓይ ኮይኖም ከምዘለዉ ዓለም ዝፈልጦ እዩ። በተን ግብረሰናይ ዝባሃላ መሳርሒ ሃጸያውያን ዝኾና ማሕበራት ዝወሃብ ሓገዝ ንሰበስልጣን እቲ መደበር መሄብተሚ ኮይኑ ኣሎ።

ሰበስልጣን ወያኔ ንመንነት ኤርትራዊ እናሸጡ፣ ቤተሰቦም ብስም ኤርትራዊ ስደተኛ ናብ ሃገራት ኣሜሪካን ኤሮፓን ካናዳን ዝሰደድዎም ክንደይ ኣሽሓት ከምዘለዉ ክትፈልጥ ይግባእ። እቶም መብዛሕትኹም ብኡ ዝሓለፍኹም ትምስክሩዎ ንገር እዩ። እዚኦም ካኣዮም ሽይላ ምስ ኮራኹራ ኣኻኺባ 500 ዘብጽሓቶም። ጅግንነት ኣሓትናን ኣሕዋትናን መስዋእቲ ሰማእታትናን ከይነድፍር ፍልልይና ብዘየገድስ ንድሕነት ሃገርና ህዝብናን መንግስትናን፣ ደው ንበል። ሃገርና ብሓባር ንህነጽ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማኣታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።